
# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# እቲ መልክዕኛ ዓሻ ንጉስ


ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Janie Forest, Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Lyn Doerksen

ተርጋሚ:- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ




ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org



©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣




ሳሙኤል እቲ ፈራድን መራሒን እስራኤል ኣሪጉ ነበረ። ደቁ ድማ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ከም ዚፈርዱ ኣብ ክንድኡ ኰይኖም ንኣምላኽ ከገልግሉ ድማ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ፈረድቲ ገበሮም፡ ደቂ ሳሙኤል ግን ክፉኣት ነበሩ። ገንዘብ ይፈትዉን እቲ ስልጣኖም ተጠቒሞም ድማ ብዓመጻ ገንዘብ ይእክቡ ነበሩ፡፡




ህዝቢ እስራኤል በቲ ክፉእ ግብሪ ደቂ ሳሙኤል ኣዝዮም ይሳቀዩ ነይሮም፡ እቲ ዝህብዎ ፍርዲ ዘይፍትሓዊ እዩ ነይሩ፡ ሰባት ሓገዝ ደልዮም ኣብ ዝመጽሉ ግዜ ገንዘብ ክኸፍሉ ይግደዱ ነይሮም። ስለዚ ሓደ ነገር ኪግበር ግድን ኮይኑ፡
ሓደ መዓልቲ ሽማግለታት እስራኤል ተኣኪቦም ንሳሙኤል ሓገዝ ሓተትዎ ።
3
እቶም ሽማግለታት ን ሳሙኤል "ኣብ ልዕሊና ፍርዲ ዝህብ ንጉስ ሃበና" ኢሎም ሓተቱ። እቶም ክፉኣት ደቂ ሳሙኤል ኪፈርዱሎም ኣይደለዩን ። ልክዕ ከምቶም ኣብ ከባቢኦም ዝነበሩ ኹሎም ኣህዛብ ንጉስ ክህልዎም ድሌት ነይርዎም።
4
ሳሙኤል በዚ ነገር ኣዝዩ ተቼጥዐ፡ እስራኤላውያን ንጉስ ኣለዎም ኢዩ፡ እቲ ኹሉ ዚኽእል ኣምላኽ እቲ ዘለኣለማዊ ኣምልኽ ንእስራኤል ዝገዝእ፡ ቅድሚ ነዊሕ እዋን ካብ ባርነት ግብጺ ሓራ ዘውጽኦም፡ ንክሳገሩ ቀይሕ ባሕሪ ዝኸፈቱሎም።
5
ነታ ጽብቕቲ ምድሪ ዝሃቦም፡
6
ሳሙኤል ምስ ጸለየ ድማ እግዚኣብሔር ኸምዚ ኢሉ መለሰሉ፦ "ኣነ ኣብ ልዕሊኦም ከይነግስ ዝንዓቑ ንዓይ እምበር ንዓኻ ኣይኮነን በሎ፡ ንኻልኦት ኣማልኽቲ እውን ኣገልጊሎም እዮም እሞ ድምጾም ሰሚዕካ ኣንገሶም"።
7
ኣምላኽ ንሳሙኤል ነቶም ህዝቢ ከምዚ ኢልካ ኣጠንቅቆም በሎ፡ እቲ ምድራዊ ንጉስ ገንዘብኩም ብግብሪ ክወስድ ኢዩ፡ እቲ ብሉጽ ግራውትኹምን ኣታኽልቲ ወይንኹምን ክወስድ ኢዩ፡ ንኣወዳትኩም ሰራዊቱ ክገብሮም፡ ኣዋልድኩም ድማ ኣብ ቤቱ ኣገልገልቲ ክገብረን ኢዩ።
8


ጓጉሳዊ ኣትክልቲ ወይኒ
ግናኸ እቶም ህዝቢ ንጉስ ደለዩ።
ርሓቅ
9


ኣምላኽ ንሳሙኤል ናብ ሓደ ምልኩዕን ሓፋርን ነዊሕ ጸግሩ ኻብ ዝኾነ ይኹን ንላዕሊ ዝነውሐን መንእሰይ መረጸ ፡ ስሙ ድማ ሳውል ይበሃል ሳሙኤል ንሳኦል ምስ ረኣየ እግዚኣብሔር "ንሱ ኣብ ልዕሊ ህዝበይ ኪነግስ እዩ ድማ በሎ።
10



ሳሙኤል ከምቲ ናይቲ ህዝቢ ድሌት ንሳኦል ንጉስ እስራኤል ኪኸውን ቀብኦ፡ ንሳኦል ድማ ናብቲ ህዝቢ እስራኤል ምስ ኣቕረቦ "ንጉስ ህያው ይኹን" ኢሎም ጨደሩ።
11



ነዊሕ ከይጸንሐ ንጉስ ሳኦል ኣብ ፈተና ኣተወ፡ እቶም ንእስራኤል ዚጸልኡ ዝነበሩ ዓሞናውያን ንኸተማ እስራኤል ከበብዋ የማነይቲ ዓይኒ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ከም ዜጥፍኡ ድማ ኣፈራርሀዎም። ከመይ ዝበለ ጭካነ ዝመልኦ መደብ ኢዩ ነይሩ! ብዛዕባ እዚ ነገር ወረ ኣብ ንጉስ ሳኦል በጽሐ። ንሰራዊቱ ድማ ኣዳለዎ ።
12


እቶም ክልተ ሰራዊት ምስ ተራኸቡ ሳኦል ንዓሞናውያን ኣጥፍኦምን ነታ ኸተማ ድማ ኣድሓና ንጉስ ሳኦል ድማ ሎሚ እግዚኣብሄር ኣብ እስራኤል ምድሓን ፈጺሙ እዩ፡ ኢሉ ክብሪ ሃበ፡
13


በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ እግዚኣብሔር ንሳኦል ዓብዪ ዓወት ሃቦ። ይኹን እምበር ሳኦል ንእግዚኣብሔር ወትሩ ምስጋና ኣይሀብን ነይሩ፡ ሓደ መዓልቲ ሳኦል ምስ ፍልስጥኤማውያን ቅድሚ ምውግኡ ንኣምላኽ መስዋእቲ ኣቕረበ ።
ሳኦል መስዋእቲ ምቅራብ ዕዮ ሳሙኤል ምዃኑ ይፈልጥ ነይሩ፡ ሳሙኤል ክሳዕ ዚመጽእ ሳኦል ኪጽበ ኸም ዝግብኦን ኣምላኽ ድማ እዚ ነገር ከም ዝደሊ ሳኦል ይፈልጥ ነበረ፡ እንተኾነ ግን ሳኦል ን ኣምላኽ ኣይተኣዘዘን!
14





እቲ መልከዕኛ ዓሻ ንጉስ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

1 ሳሙኤል 8-16

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

18




እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3፡፡16

20